# ንቈልዓ ክብላ ይበልዓ

ካብ ብርዒ ሓቂ ፡

እዋኑ ኣዋን መኸተ እዩ ፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ሕምብርቲ ኤርትራ ዘሎ ጀምሩ ብምብራኽ ክሳብ ሃገረ ኣውስትራልያ ፡ ብምዕራብ ክሳብ ካሊፎርንያ ሰሜን ኣሜሪካ ፡ ብሰሜን ክሳብ ሕብረት ሶቬት ፡ ብደቡብ ክሳብ ደቡብ ኣፍሪቃ ፡ ንልዕላውነት ሃገሩ ንምውሓስ ከምቀደሙ ሻምልኡ ኣልዒሉ ፡ ብንሒን ሓቦን ፡ ኣለኹኺ ሃገረይ እናበለ ክንዲ ቦኹሪ ውላዱ ሕሳስልዴኡ ፡ ኣብ ማእገሩ ሓንጊሩዋ <u>፡ ንኺድ ፡ ንኺድ ፡ ንኺድ ጥራይ… ብርሃን እዩ ዘሎ ቅድሜና `` ትውፊት ክሳብ ዝበረኸ ዓወት ``</u> እናበለ ፡ ብሓደ ህርመት ፡ ብሓደ ናዕታ ፡ ብሓደ ትርግታ ፡ ብንዓለም ዘደነቐ ፡ ሓድነታዊ ጕዕዞ ይምርሽ እዩ ዘሎ ፡

መቐጸልታ ናይ ብዕለት 22.02.2010 ዝነበረ ንደመኛ ጸላእቲ ዘባህረረ ዕዉት ህዝባዊ መኸተ ኣብ ማዕለቢኡ ንክብጽሖ ኣበየቦትኡ ዝርከብ ሃገራዊ ፡ መኸትኡ ኣብ ምሕያል ይርከብ ፡

ኮይኑ ግን ካብዚ ሃገራዊ ምኣዲ ፡ ብሰንኪ ጠባዮም ነብሶም ገሊሎም ኣብ ከደምቲ ዝትዓስቡ ሕማም ንድሓር ፡ ብንየዋህ ኣቓልቦ ያኢ ይስሕብዩ ተባሂሉ ፡ ብእንዳ ፡ ኣውራጃ ፡ ቀቢላ ፡ ሃይማኖት ወዘተ… ወፎ ተኸዲኖም ከምዛርቲ ገዛ ገዛ ካብ ዝኲሕኲሖ ኣይውሓደን ፡ እንቶ እቲ ፋይዳ ይረኽቡዮም ንማለት ፡ እቲ ዝዓሰቦም ንባዕሉ ፡ ከዳሚ ስለዝኾነ ፡ ፋይዳ ከምጽእ ካብ ቅድሙ'ውን እንተኾነ ኣይተበገሰን ፡ ባህርያቱ ስለዘየፍቅደሉ ፡

እቲ ዘስደምም ክኣ `` ንቈልዓ ክብላ ይበልዓ እዩ ነገሩ `` ብጕልባብ ቤ/ት ሳን-ጆርጆ ተጻሒፉ ዘሎ ንኣንባቢኡ ዘይኮነ ነቲ ፍዓሊኡውን እንተኾነ ዘርምም እዩ ፡ ሳንጆርጆ ታሪኻዊ ቤ/ት እወ ታሪኻዊ ቤ/ት እዩ ፡ ሳን-ጆርጆ ዓንዩ ተባሂሉ እወ ዓንዩ ፡ ካብ መግዛእቲ ድኣ እንታይ ምርቓ ክርከብ ኢልኩሞ ፡ ኤርትራ ብኤርትርኡ'ዶ ኣይኮነን ሰቡ ሞይቱ ተበታቲኑ ተሰዲዱ ፡ ጥሪቱ በሪሱን ፡ ዓዱ ነዲዱ ኣብዑና ተቐይሩ ፡ ስለዝኾነ ክኣ ፡ ሕነ እዚ ንምፍዳይ ፡ ቀያሕቲ ንመስዋእቲ ተጋዲሞም ፡ ተሰዊኦም ክኣ ፡ እቲ ሕልፊ ናይ ሳንጆርጆ ዕንወት ግን ኣየናይ እዩ ? ቤ/ት ሳን-ጆርጆ ንበይና'ዶ ዝበጽሓ ዕጫ ኣሎ ድዩ ?

እቲ ካልእ ስዒቡ ዝመጽእ ፡ ክንደይ ብሉጻት ከምሳን-ጆርጆ ቤ/ትምህርትታት ትሃኒጸን ኣለዋ እዘን ዝተሃንጻ ቤ/ትምህርታት ፡ ንበሰላ ዕንወት ሳን ጆርጆ ኣየሕወያን ድየን ? ብዓቕምን ተበላሓትነት ኤርትራዊ ፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ጸሊም ኣፍሪቃ ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ ፡ ኣብዛ ሓድገ ጀጋኑ ሃገርና ፡ ብኤርትራዊ ዓቕምን ክእለትን ፡ ንቤ/ት ሳንጆርጆ ክብርን ታሪኽን ዝውርቕ ፡ ንኽተዘንትወሉውን መግለጺ ቓላት ዝሓጽረካ ትኣምራት ይህነጽ እዩ ዘሎ ፡

እተን ነዚ ዝርእያ ዓይኒ ግን ፡ ዓይኒ ሃገራውያን ፡ ዓይኒ ሓቦ ዝሰነቓ ፡ ዓይኒ ኣብቲ ጽንኩርን ትኣፋፊ ኩነት ዝመከታን እየን ፡ ዓይኒ ተምበርከኽትን ጠለምትን ክሓድትን ግን ፡ ነዚ ብርሃን እዚ ብኸመይ ክርእይኦ ኢልካ ክሕሰብ ይክኣል ፡ <u>ተንበርካኽነትን ምዕባለን ፡ እንታይ ግድኹም ኣበደን ፈጺሙ ኣይቃዶን ፡</u>

ሓደ ኩነት ኣዘኪሩኒ ፡ ኣብ 1985 ዓ.ም ኣብ ካርቱም ኣሽጣ እዩ ፡ ብተ.ሓ.ኤ እትእለ ሓንቲ ቤ/ት ሰማእታት ነይራ ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ፡ ተ.ሓ.ኤ ከምህላወ ዘብቅዓትሉ ግዜ ዳርጋ 4 ዓመት ሓሊፉ ነይሩ ፡ እቶም ናይዛ ቤ/ት ሽማግለ ዝነበሩ ፡ ኣስማት ከይጠቐስኩ ፡ ተ.ሓ.ኤ ብኣካላ እኳ ዘብቅዐት ተባሂሉ ፡ እንድዒ ጕንያ ክንዲ እስትሕጋጎም ግዲ ደልዮሞ ኮይኖም ፡ ምስገለ ኣምሓሩ ኣብ ኣሜሪካ ዘለዎ ተመሻጢሮም ፡ ነቲ ቤ/ት ሰማእታት ዝነበረ ፡ ት./ቤት ኣባይ ወንዝ ስም ከጠምቕሉ ፡ ከይ ሓፈሩ ንወለዲ ናይቶም ተምሃሮ ብወግዒ ዓዲመሞም ፡ ኮይኑ ግን ሕደግዶ ቤ/ት ሰማእቲ ዝኣክል ፡ ብኣባይ ወንዝ ስም ክትካእ ፡ ህዝቢ ኤርትራ ፡ ንሰማእታቱ ኣብታ ሓራን ምዕብልት ሃገሩ ፡ ከመይ ዓይነት ሓወልቲ ከስርሓሉ ከምዝደሊ ኣመት ውራዩ ዝገብር ህዝቢእዩ ፡ ስለዝኾነ ፡ ጉልባብ ናይቶም ጠለምቲ ቀሊዑ ፡ ካባሕፍረት ከዲኑ ከምዘሳጐጎም ናይትማሊ ሕሉፍ ታሪኽ እዩ ፡

ሕጂ ክኣ ሕማም ንድሓር ፡ ሆየ `` ሓባልሲ መጠመቲኣ ትኩሓል `` ህዝብን ንዘይፍትሓዊ እገዳ ኣብልዕሊ ሃገሩ ትኣዊጁ ዘሎ ንከምክንን ክስዕርን ከይደቀሰ ይሓድር ፡ ተንበርከኽትን ፋይቶትን ፡ ንናይ ተንበርካኽነተን ዓስቢ ክረኽባ ፡ ብስም ሳን-ጆርጆ ፡ ብጸልማት ገዛ ገዛ ይኩሕኩሓ ኣለዋ ፡ ሓለይቲ ክመስላ ፡ ንቈልዓ ክብላ ክበልዓ ፡

ንዕለት 15.05.2010 ፡ ኣብ ፍራንክፈርትን ከባቢኣን ፡ ህዝባዊ መኸተ ተዳልዩ ኣሎ ፡ ኣብ ተጠቒሱ ዘሎቦታን ሰዓትን ፡ ኩላትና ኣብኡ ንራኸብ ፡ ምትዕርራይ ናይ ቤ/ት ሳን ጆርጆ ፡ ድሕሪ እቲ ቀዳማይ መኸታዊ ውራይና ነርክበሉ ፡ መኸንያቱ ንምክት ዘለና ፡ ንዝፈረሱን ንዝዓነዉን ፡ ኩሎም ሳንጆርጃት ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ፡ ንምዕራይ ጥራይ ዘይኮነ ዳግማይ ኣወቒብና ንክንሃንጾም እዩ ፡

ዓወት ንሓፋሽ !